ሓሙሽተ ስጉምቲታት ን፡

# ባህርያዊ ክንክን ካንሸሎ






## ስለምንታይ ባህርያዊ ይምረጽ?

ካንሸሎታትና ዘፈስሁ፣ ምልኩዓት፣ ንምዝንጋዕ ኣዝዮም ጽቡቓት ቦታታት ኢዮም። ኣብ ክንክኖም ግን መብዛሕትኡ ጊዜ ማይ ብግቡእ ኣይንጥቀምን፡ ብዙሕ ጎሓፍ ነመንጩ ከምኡ ድማ ንከባቢናን ናይ ስድራና ጥዕናን ዝሃስይ ቀመማት (ኬሚካላት) ንጥቀም።

እቲ ጽቡቕ ነገር ግን ገለ ቀለልቲ ለውጢታት ብምግባር፡

- ገንዘብ ክንቑጥብ
- ጊዜ ክንቑጥብ
- ከባቢና ኣብ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ክንዕቅብ
- ጥዕና ስድራና ክንሕሉ
- ጥዑይን ምልኩዕን ካንሸሎ...ብዘይ ብዙሕ ጻዕሪ ክንገብር ንኽእል።

## 1 ጥዑይ ሓመድ ህነጹ

### ብድኹዕን ድርቅምቃም ዕንጨይቲን



ሓመድ ህያው ኢዩ፡ ሂወት ሓመድ ከኣ ኣገዳሲ ኢዩ። ሓደ ናይ ማንካ ሓመድ 4 ቢልዮን ህያውያን ሓሳኹ ይሕዝ። እዞም ህያውያን ሓሳኹ እዚኦም ነቲ ሓመድ ፎኪስ ይገብርዎ፡ ንኣታኽልቲ መኣዛታት የተሓላልፉ፡ ማይ ኣብ ምዕቃብ ይሕግዙ ከምኡ ድማ ንኣታኽልቲ ካብ ሕማም ይከላኸሉሎም።

- ሓመድኩም ድኹዒ መግብዎ። ኣብ ጊዜ ምትካል 1-3 ኢንች ድኹዒ ኣብቲ ታሕቲ ኣንጽፍሉ።
- ድኹዒ ባዕልኹም ስርሑ፡ ወይ ብባኮ ወይ ብጃምላ ግዝኡ።
- ሸፍንዎ! ንምዕቃብ ማይ፡ ምክልኻል ጻህያይን ንምምጋብ ሓመድን 1-3 ኢንች ድኹዒ፣ ኣቑጽልቲ፣ ሳዕሪ፣ ልሕጺ ወይ ድርቅምቃም እንጨይቲ ነስንሱሉ።
- ድኹዒ የድልየኩምዶ? ተፈጥሮኣዊ ድኹዒ ተጠቀሙ! ተፈጥሮኣዊ ድኹዒታት ንኣታኽልቲ ንብዙሕ እዋን ይምግብዎም ከምኡ ድማ ብቐሊሉ ናብ ወሓዝትና ተሒጺቦም ኣይከዱን ኢዮም።

*ኣስተውዕል፡ ጥዑያት ኣታኽልቲ ኣብ ጥዑይ ሓመድ ይቦቕሉ።*

## 2 ንቦታኹም እቲ ዝግበኦ ኣታኽልቲ ትኸሉሉ



ካንሸሎኹም ጽቡቕ ጌርኩም ኣጽንዕዎ። ኣየናይ ኢዩ ጸሓይ ዝወቕዖ ኣየናይከ ዘይወቕዖ? ሓመድ ንቑጽ ዲዩ ወይስ ጥሉል? ካብኡ እቲ ልክዕ ተኸሊ ነቲ ልክዕ ቦታ ምረጹ ኣብ ሰሜናዊ-ምዕራብን ኣብ ኩነታት ካንሸሎኹምን ጽቡቕ ዝቦቕሉ ኣትክልቲ ምረጹ።

- ብባልዕ ዘይጥቅዑን ውሑድ ማይ ዘድልዮም ኣትክልቲ ምረጹ።
- ነቶም ኣትክልቲ ብመጠን ዘድልዮም ማይ፡ ጸሓይን ሓመድን ጎድልዎም።
- ሳዕሪታትን ኣሕምልቲን ተኣፈፍቲ ኢዮም። ኣብ ጸሓይ ዝወቕዖ፡ ፎኪስ ሓመድን ሜዳን ጥራይ ኢዮም ዝቦቕሉ።
- ነቲ ሓመድ ብምዱኳዕ ነቶም ኣትክልቲ ባይታ ኣጣጥሑሎም።
- ኣግራብን ኣብቲ ቦታ ጥራይ ዝቦቕሉ ኣትክልቲ ብምጥቃም ንእንስሳ ዘገዳም ቦታ ኣጣጥሑሎም።

# ንካንሸሎኹም ዝምልከት ምስ ዝኸውን ባህርያዊ ስጉምቲ ውሰዱ!

## 3 ውሕሉል ማይ ኣሰታትያ ተጠቀሙ



ጠንቂ መብዛሕትኦም ጸገማት ተኽሊ ዝያዳ ማይ ምስታይ ኢዩ። ብዙሕ ማይ ግን ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ብምስታይ ንማይ ትኸፍልዎ ገንዘብ ቆጥቡ ከምኡ ድማ ጥዑያት ኣትክልቲ ኣብቁሉ።

- ነቲ ብሙሉኡ ከባቢ ሱር ኣጠልቅይዎ፡ ቅድሚ እንድገና ማይ ምስታይኩም እቲ ሓመድ ንኽነቅጽ ግደፍዎ።
- ብድኹዒ ብምሽፋን፡ ድርቂ ዝጻወሩ ኣትክልቲ ብምምራጽ፡ ብነጠብጣብ ዘስትዩ ጎማታትን፡ ማይ ዝሰትየሉ ጊዜ ዝቆጻጸሩን ብምጥቃም ከምኡ ድማ ምህፋፍ ማይ ንምውሓድ ንግሆ ወይ ኣጋ ምሸት ብምስታይ ጥብ ዝበለት ማይ ዘይምብኻን።
- ኣዉቶማቲክ ስርዓተ-መስኖ ብግቡእ ምጥቃም። ዓመታዊ፡ በዓል ሙያ ከም ዝፍትኖን ዘመዓራርዮን ግበሩ። ማይ ከም ዘይልሑኽ ወርሓዊ ኣረጋግጹ። ማይ እንተደኣ ወቒዑ ኣይተስትይዎ።
- ዝወቕዐ ማይ እቲ ሓመድ ከም ዝሰትዮ ግበሩ። ካብ መሽረብ ዝወርድ ናብቲ ሳዕሪ ወይ መሬት ምርሕዎ። ድኹዒን ድርቅምቃም ዕንጨይቲን ብምጥቃም ሓመድ ማይ ንኽስሕብ ሓግዝዎ።

## 4 ጸረ-ባልዕ ቅድሚ ምጥቃምኩም ኣጸቢቕኩም ሕሰቡሉ



ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ኣብ ናይ ከባቢና ወሓዝቲ 23 ጸረ-ባልዕ (መቕተሊ ጻህያይን ሓሳኹን) ረኺቦም። ልዕለ-ምጥቃም ናይዞም ፍርያት ንሓመድ፡ ዓሳ ከምኡ ድማ ጥዕና ስድራና ጽቡቕ ኣይኮነን።

- ብምኽልኻል ጀምሩ። ሕማም ዝጻወሩ ኣትክልቲ ምረጹ ከምኡ ድማ ጻህያይ ቅድሚ ምስፍሕፋሖም ብኢድኩም ምሓዉዎም።
- ቅድሚ መርዚ ኣብ ኣታኽልቲ ምንጻግኩም፡ ምጭፍላቕኩምን ምርጋጽኩምን ነቲ ጸገም ኣለልይዎ። መብዛሕትኦም ሓሳኹ ጠቐምቲ ኢዮም።
- ቁሩብ ማህሰይቲ ቅቡል ግበርዎ - ባህርያዊ ሃደንቲ ነቶም ባልዕ ክቆጻጸርዎም ጊዜ ሃብዎም።
- እቲ ዝተሓተ መርዛም መቆጻጸሪ መንገዲ ምረጹ። ብዙሓት ውሑድ መርዛምነት ዘለዎም ፍርያታት ኣብ ዕዳጋ ኣለዉ።
- ኬሚካላዊ ጸረ-ባልዕ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ተጠቀሙሉ።
- ኣሸገርቲ ኣትክልቲ ብባልዕ ዝጻወሩ ተክእዎም።
- ጽንኩር ናይ ባልዕ ጸገም ኣለኩምዶ? ኣብ ጋርደን ሆትላይን ደውሉ።

## 5 ንክንክን ሳዕሪ ባህሪያዊ መንገዲ ተጠቀሙ



ኣብቲ ብብዝሒ ቀመማት (ኬሚካላትን) ማይን ንጥቀመሉ ከምኡ'ውን ርስሓት ነመንጭወሉን ብዙሕ ስራሕ ነጥፍኣሉን ሳዕሪና እዞም ኩሎም ስጉምቲታት ክሰርሑልና ምግባር ቀሊል ኢዩ።

- ሳዕሪ ኣንዊሕኩም (1-2 ኢንች) ቆሪጽኩም እቲ ቁራጽ ኣብቲ ሳዕሪ ግደፍዎ። "ዑደተ-ሳዕሪ" ምሽፋን ሳዕሪ ኣየኸትልን ኢዩ፡ እኳ ደኣ ነቲ ሳዕሪ ጥዑይ ይገብሮ ከምኡ'ውን ገንዘብ ዘይክፈሎ ድኹዒ ይኾኖ!
- ኣብ መስከረም ወይ ግንቦት "ባህሪያዊ" ወይ "በብቑሩብ ዝፍኖ" ድኹዒ ጌርኩም ዶኩዑዎ።
- ነቲ ብሙሉኡ ከባቢ ሰራውር ንምርሓስ ኣዕሙቕኩም ግን ሓሓሊፍኩም ማይ ኣስትይዎ።
- ኣየር ከምዝረክብ፡ ዝያዳ ዘርኢ ብምትካል ከምኡ'ውን ድኹዒ ብላዕሊ ብምንስናስ ሳዕሪኹም ኣማሓይሽዎ።
- "ዊድ ኤንድ ፊድ" ወይ ካልእ ጸረ-ባልዕ ኣይትጠቀሙ። ንውሕ ዝበለ መትሓዚ ዘለዎም መቦንቆሲ ጻህያይ ንጻህያይ ብቐሊሉ የውጽእዎ።
- ኣብ ዓቐብ፡ ጸሓይ ዘይኣትዎ ቦታታትን ጥቓ ወሓዝቲን ቀላያትን ዝርከቡ ኣብ ክንዲ ሳዕሪ ካልእ ኣማራጺታት ሕሰቡ።

## ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩዶ?

**ሕቶታት?**

ጋርደን ሆትላይን ኣብ **206-633-0224** ደውሉ።.
ኢ-መይል፡: help@gardenhotline.org
መርበብ ሓበሬታ፡: www.gardenhotline.org

**ምንጪታት፡**

- ምህናጽ ሓመድን ምዱኳዕን **www.kingcounty.gov/soils**
- ኖርዝዌስት ያርድ ኤንድ ጋርደን **www.kingcounty.gov/natural-yard**
- ባህርያዊ ክንክን ካንሸሎ **www.seattle.gov/util/services/yard**
- ምዕቃብ ማይ **www.savingwater.org**
- WSU ማስተር ጋርድነርስ **http://gardening.wsu.edu**
- ምጉሓፍ ጸረ-ባልዕን ኣማራጺታትትን **www.lhwmp.org**
- እቲ ልክዕ ተኽሊ ነቲ ልክዕ ቦታ ምምራጽ **www.GreatPlantPicks.org**
- ኣብቲ ቦታ ጥራይ ዝበቕሉ ኣትክልቲ **www.kingcounty.gov/GoNative**

King County
Department of Natural Resources and Parks
Solid Waste Division

City of Seattle
Seattle Public Utilities

Saving Water Partnership™
A service of your local water utility

Local Hazardous Waste Management Program in King County, Washington
LHWMP_0053

Alternative Formats On Request 206-296-4466 • TTY Relay: 711 • 1-800-325-6165 ext. 6-4466

1202M Printed on recycled paper – October2011DK– Natural Yard Care 5 Steps - Tigrigna